***07/06/2009***

*ስርዓት ኢሳይያስ ደቅኩም ስግረ ዶብ ከይዶም'ዮም ኣገልግሎት ኣይወድኡን ንዝበሎም ኤርትራውያን ነጋዶ ፍቃድ ንግዶም (ልቸንስኦም)*

*ከየሕድሱ ይኽልክሎም ኣሎ።*

እሙናት ምንጭታት ድምጺ ወጋሕታ ከምዝሓበሩልና- ስርዓት መላኪ ኢሳይያስ ደቅኩም ስግረ ዶብ ከይዶም ክነሶም 50 ሽሕ ናቕፋ ኣታዊ ኣይገበርኩምን ንዝበሎም ኤርትራውያን ነጋዶ ፍቃድ ዋኒንኩም ኣይሕደስን ብምባል ልቸንስኦም (ናይ ንግዲ ፍቃዶም) መንጢሉ ሒዝዎ ኣሎ።

ደቅኩም ናብ ኣገልግሎት ኣይሰደድኩምን ዝተበሃሉ ነጋዶ ዜጋታት'ውን ብተመሳሳሊ መገዲ ልቸንስኦም (ፍቃድ ንግዶም) ከየሓድሱ ተከልኪሎም ኣለው።

'ቲ ጠላም ስርዓት ብፍላይ ኣብ ዞባ ማእከል ልቸንሳኩም (ፍቃድ ንግድኩም) እንተዘየሓዲስኩም ትውንንዎ ትካል ክዕጸው'ዩ ዝብል መምርሒ ስለዝሃበ ዜጋታት ዘለዎም ልቸንሳ ሒዞም ብበዝሒ ዝተጓየዩ'ኳ እንተኮነ ዝተፈላለየ ምስምስ ብምፍጣር ዝለዓለ በደል ይወርዶም ብምህላው ኣብ ልዕሊ'ቲ ጃንዳ ዘሎ ጽልኢት ይውስኽ ከምዘሎ ድማ ኣመልኪቶም።

---------------------------------------------------//////---------------------------
-----------------------------

***07/06/2009***

## *ብሰናይ ተበግሶ ደቂኣነስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝነብሩ ዜጋታት ዝተረኽበ ሓገዝ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝርከባ መደበራት ስደተኛታት ሽመልባን ማይ ዓይንን ተዓቂበን ንዝርከባ ደቂኣነስትዮ ዜጋታት ተዓዲሉ።*

ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝዘርግሖ ዜና- 'ቲ ሓገዝ ወ/ሮ ገርጊስ ነጋሽ ሓላፊት ጉዳያት ደቂኣነስትዮ 'ቲ ሰልፊ ኣብ መደበራት ሽመልባን ማይ ዓይንን ንክልተ ግዜ ምብጻሕ ብምግባር ኣብተን መደበራት ምስ ዝርከባ ደቂኣነስትዮ ዜጋታት ብዛዕባ ጸገማተን ንዘካየደቶ ዕሙቕ ዝበለ ዝርርብ መሰረት ጌሩ ዝተፈጸመ'ዩ።

ወ/ሮ ገርጊስ ድሕሪ'ቲ ምብጻሕ ናብ ክፍሊ ጉዳያት ደቂኣነስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብዘቕረበቶ ጸብጻብን ጠለብን መሰረት ኣባላት'ቲ ምትእስሳር ኣብ ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ኤውሮጳን ኣውስትራሊያን ኅስጓስ ብምኽያድ ካብ ዜጋታትና ሓገዛት ከምዝረኽባ ዝጠቀሰ'ቲ ዜና ወ/ሮ ሳባ ቀለታ ኣባል ምትእስሳር ደቂኣነስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ነቲ ዝተኣከበ ሓገዝ ሒዛ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ናብ ክልቲኡ መደበራት ምብጻሕ ከምዘካየደት ኣረዲኡ።

ደቂኣነስትዮ ስደተኛታት መደበራት ሽመልባን ማይ ዓይንን ድማ ነቲ ዝተገበረለን ድጋፍ ብምምስጋን 'ቲ ተበግሶ ቀጻሊ ክኸውን ከምዝተላበዋ ተሓቢሩ'ሎ።

ወ/ሮ ሳባ ነቲ ሓገዝ ሒዛ ናብቲ ከባቢ ክትኣቱ ከላ ብምምሕዳር መደበር ስደተኛታት ኣብ ሽመልባ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሽረን ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ኣባላትን ጽቡቕ ኣቐባብላ ከምዝተገበረላ 'ቲ ዜና ወሲኹ ኣፍሊጡ'ዩ።

-----------------------------------------------------//////----------------------------------------------------

***07/05/2009***

## *ፈጻሚት ኮሚቴ ደሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ንፃ^ተ^ መዓልታት ዘካየዶ ስሩዕ ኣኼብኡ ዝተፈላለዩ ውሳነታት ብምሕላፍ ብዓወት ዛዚሙ።*

ፈጻሚት ኮምተ ‘ቲ ውድብ ዝዘርግሖ ዜና ከምዘረጋገጾ- ‘ቲ ኣኼባ መደባት ስራሕ’ቲ ውድብን ኣፈጻጽምኡን ገምጊሙን ብዝሓሸ መልክዑ ዝፍጽመሉ ትልምታት ሓንጺጹን’ዩ ዝተፈላለዩ ውሳነታት ብምሕላፍ ብዓወት ተዛዚሙ ዘሎ።

ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ተወለድቲ ብሄር ዓፋር ዝፍጽሞ ዘሎ ዘስካሕክሕ ግፍዒ ዓሌት ኩናማ ንምጽናት ንዝሓዞ መደብ ማእከል ዝገበረ ምኳኑ ኣብቲ ኣኼባ ዝተገለጸ ኮይኑ ካብዚ ኣደራዕ ንምውጻእ ‘ቲ እንኮ ኣማራጺ ደሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ዘካይዶ ዘሎ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣሓይልካ ምቕጻል ምኳኑ ከኣ ኣስሚሩሉ’ዩ።

ብሄራት ኤርትራ ክሳብ ምግንጻል ሙሉእ መሰል ክህልወን ምግባር ኣብ ኤርትራ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ብሕታዊ ኣማራጺ ብምኳኑ እዚ ዕላማ’ዚ ብደረጃ ሃገር ክእመነሉ ምስራሕ ይጽንሓለይ ዘይብሃል ውራይ ምኳኑ ድማ ኣብቲ ኣኼባ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑሉ’ዩ።

ደሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ደሞክራሲያዊ ምንቅስቃስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራን ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ሓይልታት ግንባር ንምምስራት ክካየድ ዝጸንሐ ምድላዋት ሙሉእ ብሙሉእ ዝተዛዘመ ብምኳኑ ‘ቲ ግንባር ኣብ ዝቀልጠፈ እዋን ንክምስረት ድማ ፈጻሚት ኮሚቴ’ቲ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ወሲኑ’ዩ።

ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ህዝቢ ኤርትራ ካብዚ ሕጂ ዝወርዶ ዘሎ ስቃይ ንክናገፍ ብሓባር ምቅላስ ከምዘድልዮ ዘረጋገጸ ጽላል ብምኳኑ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዙርያ'ቲ ኪዳን ክዓስሉ ድማ ውሳነ'ቲ ኣኬባ ጻውዒት ኣቕሪቡ'ዩ።

-------------------------------------------------------------//////-----------------
------------------------------